# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.186 ሰንበት 5 ሚያዝያ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣድናቖት



ገጽ 5
ናቕፋ ኣብ 49 ዓመት ልደታ



ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 8
ስልጠንቲ ቴኳንዶ ተመሪቐም



## ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ዞባ ኤውሮጳ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ይቃናዕ ኣሎ

መበል 20 ዓመታዊ ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ዞባ ኤውሮጳ፡ “ጉዕዞ 20 ዓመት ንምህናጽ ንቑሕ፡ ውፉይን ብቑዕን መንእሰይ“ ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ይቃናዕ ኣሎ።

ካብ ልዕሊ 10 ሃገራት ዝተወከሉ መንእሰያትን ኣባላት ውዳበ ሕድሪን ኣብ ዝተሳተፉዎ ብ3 ሚያዝያ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ከምኡ'ውን ኣወሃሃዲ ኤምባሲታት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ ኣምባሳደር ፍስሓጼን ጴጥሮስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህግደፍ ብዝደለቦ ዓቕሚ፡ ዓኺኹን ውዳበኡ ኣስፊሑን ድምጺ ህዝቡ ብምዃን፡ ተጻብኦታት ኣብ ምፍሻል ልዑል ግደ ከምእተጻወተ ኣብሪሁ።

“ዛንታ ኤርትራ ታሪኽመንእሰያት'ዩ” ዝበለ ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን፡ ቀጻልነት ሃገርን ሕብረተሰብን'ውን ኣብ መንእሰያት ብዝግበር ወፍሪ ከምዝረጋገጽ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ንቕሓቶም ኣበርቲዖምን ውዳበታቶም ኣደልዲሎምን ወረስቲ ታሪኽን ኩብርታትን ሕብረተሰቦም ክኾኑ ምእንቲ፡ ብቑዕ ፍልጠት፡ ሞያን ትምህርትን ክዓጥቁ ኣተሓሳሰበ።



ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕብራት ሃገራትን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ብወገኑ፡ ብባህሉን ኩብርታቱን ዝሕበን ስልጡን መንእሰይ ውጽኢት ጥዑይ ሕብረተሰብ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እዚ ኣብ ውሑዳት ሕብረተሰባት ጥራይ ዝርከብ ጸጋ ብዝሓየለ ንኽቕጽል፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ መድረኻት፡ ብደረጃ ማሕበረኮማትን ካልኦት ውዳበታትን ክጥመትን ብዘለዓለ ክስራሓሉን ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ እስማዒል መሓመድኑር ብግደኡ፡ ከም'ዚ ዓይነት ዋዕላታት፡ ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት - መድረኻዊ ብድሆታት መንእሰያት ብምልላይ መፍትሒታት ኣብ ምንዳይ፣ ንመንእሰያት ኩብርታት ሕብረተሰቦምን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ምውራስ፣ ከምኡ'ውን ንሓድሕዶም ዝላለዩሉን ሓድነቶም ዘስጥሙሉን ባይታ ብምዃን፡ ንቑሕ፡ ውፉይን ብቑዕን መንእሰይ ኣብ ምህናጽ ወሳኒ ተራ ከምዝጸወቶ ብምግላጽ፡ ነቲ ዋዕላ ክውን ንምግባር ንዝጸዓሩ ኣመስጊኑ።

ኣቦ-መንበር ውዳበ መንእሰያት ህግደፍ ዞባ ኤውሮጳ መንእሰይ ሚኪኤል ሃይለ ብግደኡ፥ ንሓፈሻዊ ጉዕዞ ውዳበኦም ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ንመድረኻዊ ተልእኾ ዝበቕዕ ውዳበ ብምህናጽ ኣድማዒ ንጥፈታት ንምክያድ ንዘሎ ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ንህሉው ኩነታት ዞባናን ዓለምን ዝምልከት ሰሚናር ብኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ክካየድ ከሎ፡ ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ኤውሮጳ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣቕሪቡ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ካብ ስዊዘርንድ፡ ጀርመን፡ ሆላንድ፡ ኢጣልያ፡ ዓዲእንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ኖርወይ፡ ፊንላድ፡ ሽወደንን ደንማርክን ዝመጹ ልዕሊ 600 መንእሰያትን ኣባላት ውዳበ ሕድሪን ይሳተፉ ኣለዉ።

## መንሱራ - መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ ዝካየድ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ጽቡቕ ውጽኢት ከምእተረኽበ፡ ሓላፊ ምክትታል ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ኣደም መሓመድዓሊ ሓቢሩ።

ምጥፋእ መሃይምነትን ዓረዮትን ዘጠቓልል መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ኣብ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ 20 ንቑጣታት ከምዝወሃብ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርተን ዛዚመን ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ዝተሳተፋ ደቂኣንስትዮ ከምዝነበራ ገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ድሉክ፡ ማንታይ፡ ሕርኮክን ፋካይን ብመደብ ዓረዮት ካብ 5ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ከምዘለዉ ዝሓበረ መምህር ኣደም፡ ተሳተፍቲ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ደቂኣንስትዮ ጥራይ ብምዃነን፡ ኣብ መጻኢ ደቂተባዕትዮ



ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ዕድል ንክኾኑ ብዕቱብ ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ መደብ ትምህርቲ ንዓበይትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ብወገኖም፡ መንግስቲ - መሃይምነት ብምጥፋእ ብቑዕ ፍልጠት ዝዓጠቐ ዜጋ ንምህናጽ ብዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲታት፡ ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም ደቆም ከምህሩን ክከታተሉን ከምዝበቕዑ ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ ነቲ ተዋዲዱ ዘሎ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላብዮም።



# ተሰነይ - ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ሰፊሕ ጎስጓስ ተኻዪዱ



ኣብ 11 ምምሕዳራት ከባቢን ኣብያተ-ትምህርትን ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ተርእዮ ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ዝዓለመ ሰፊሕ ጎስጓሳት፡ ብሰብ ሞያ ጥዕና፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ህዝብን ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ኽበርትን ተመሃሮን ዝተኻየደ ጎስጓስ፡ ብዛዕባ'ቶም ልምድታትን ዘውርድዎ ሳዕቤናትን ረብሓታት ምውጋዶምን ዝርዝራዊ መብርሂ ከውሃብ ከሎ፡ ብሃገር ደረጃ ኣብ 2030 ነጻ ካብ ጎዳእቲ ልምድታት ንምእዋጅ፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ወሳኒ ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዪም ጉብረእየሱስ ብወገኑ፡ ተራ መንእሰያት፡ ሰድራ ቤታትን ኣካላት መንግስትን ክሕይል ጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ "ተመሃራይ ዘማእከለ ወህደት፡ ንትምህርታዊ ዕቤት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 መጋቢት ቅኒ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻዪዱ።

መደባት ናይ'ቲ ቅኑ ቀጻሊ ትምህርቲ፡ ምህዞን ስነጥበን ቅዲ ኣልባሳት፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኣደም በሽር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ቅኑ - ተመሃሮ ንሕድሕዶም ፍልጠትን ተመክሮን ዘለዋወጡሉ ባይታ ብምዃኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝሰርሓሉ ብምግላጽ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ንዝጸዓሩ መምህራንን መሻርኽትን ኣማስጊኑ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ቅኑ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ንዝተዓወቱ ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ሽልማት ተዓዲሉ።

# ደቡብ - ጨንፈር ሃ/ማ/ሓ/ስ/ኲ/ኤ፡ መነባብሮ ኣባላቱ ንምምሕያሽ ይሰርሕ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ዞባ ደቡብ፡ መነባብሮ ኣባላቱ ንምምሕያሽ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ብ30 መጋቢት ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዘቃየ ገምጋማዊ ኣኼባ ገሊጹ።

ሓርበኛታት ስንኩላን ማሕበራውን ቁጠባውን መነባብሮኦም ንምምሕያሽ፡ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘካየዶ ንጥፈታት ወጽኢታዊ ምንባሩ፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ወልደዝጊ ቴድሮስ ገሊጹ።

ምሕያል ውዳቤታት ማሕበር፡ ምስፋሕ ዝምድናታት ምስ መሻርኽቲ፡ ምልላይ ዕድላት፡ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ንምዕባይ ዝሕግዝ ኣስተምህሮታት፡ ካብ'ቶም ዝተተግበሩ መደባት ምንባሮም ብምጥቃስ፡ ሽግራት ስንኩላን ንምፍታሕ ምምሕዳራት ንዝተበርከቶ ዘለዋ ደገፍ መጉሰ።

ብዘይካ'ዚ ኣቶ ወልደዝጊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ምርባሕ እንስሳን ንግድን ንዝተዋፈሩ 171 ኣባላት፡ ልዕሊ 4 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምዝተዋህበ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ውልቀ-ታሪኽ ሂወት ኣባላት ብዝበለጸ ክሰነድ፣ ምስ ምድፋእ ዕድመ ስንክልናኦም እናኸበደ ዝኸይድ ዘሎ ኣባላት ፍሉይ ቆላሕታን ደገፍን ክግበረሎም፣ ከምኡ'ውን ዕድላት ስራሕ ንምፍጣር ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ዝግበር ምንቅስቓሳት ክድንፍዕ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ 12 ንኡስ ዞባታት ዝዘርግሑ 4,500 ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኣለዉ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　ሰለሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284


(ሰንበት)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፈኖሪና |
| 09:45 | መዚቃዊ ድራማ |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ድኽተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | መደብ ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ሄራር |
| 18:50 | መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ፍኖተ ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ድኽመኑት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ድባርዋ - ንጽጉማት ወገናት ንዋታዊ ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብምሕባር 8 መጋቢት ብዘዋጽእዎ 50 ሽሕ ናቕፋ ዝተዓደገ ናውቲ፡ ብ27 መጋቢት ንጽጉማት ወገናት ተዓዲሉ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ትርሓስ ኣደሮሶም ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ንዋት ኣብ 8 መጸበዩ ነፍሱ ጾራት ተዓቒበን ንዘርከባ ነፍሰጾራትን ሓራሳትን ከምዝተመቓረሐ ገሊጻ።

ኣወሃሃዲ ጥዕና ስድራቤትን ከምኡ ነርስ ሸዊት ተወልደ ብወገኑ፡ መጸበዩ ነፍሱ ጾራት ኣብ ምብራኽ ቁጽሪ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት ዝምስገን ኣበርክቶ ይጌብር ከምዘሎ ብምሕባር፡ እቲ ዝተገበረ ደገፍ ኸኣ ዝሕግዝ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

# ሰልዓ - ተራ ኣመሓደርቲ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ህዝቢ ክዓዝዝ ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰልዓ፡ ከም ዓቕምታቱ ወዲቡ ሕጽረት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት ክሰዕብ፡ ከምኡ'ውን ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ህዝቢ ክዓዝዝ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ጸዊዑ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓምበኪታ ብህዝባዊ ተበግሶን ኣበርክቶ መንግስትን ዝዋደድ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ምጥርናፍ ዓድታት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይጌብር ብምህላዉ፡ ምምሕዳር ዞባ ንምድንፋዑ ከምዝሰርሕ'ውን ኣረጋጊጹ።

ብዘይካ'ዚ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከብ ኣሰራት



ካብ 27 ክሳብ 29 መጋቢት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዑደት ብምክያድ፡ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዝዘተየን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓምበኪታ ዝተዋደደ ቀረብ ማይ፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎታት ጥዕናን ትምህርትን ዝተዓዘበ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ምስ ነበርቲ ኣብ ዝገበሮ ርኽብ፡ ህዝቢ ዓቕሚታቱ ኣወሃሂዱ ሕጽረታት'ቲ ኣገልግሎታት ንምምላእ ሓላፍነት ክስከም ኣተሓሳሲቡ።

ዕጥቃዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምዕቃብ ተበግሶ ክወሰድ ብምዝኽኻር፡ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ዕቱብ ቆላሕታ ክህብዎ ጸዊዑ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓምበኪታ ዘሎ ሽግር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ፍታሕ ክናደየሉ ብምምሕጻኑ፡ ዝረኽብዎ ዘለዉ ኣገልግሎት ማይን ጥዕናን ንምምዕባል ካብኦም ዝሕተት ኣበርክቶ ከምዝግበሩ ኣረጋጊጾም።

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣድናቖት

ኣድናቖት መርኣያ ኣኽብሮትን ተቐባልነትን እዩ። ኣብ መንነ ዓርኩ-መሓዛኡ፡ መሳርሕቱ፡ መጻምድቲ ኮታ ብሓፈሻ ኣብ ዘርያኻ ንዝርከብ ሰብ፡ ነቲ ዘለዎ ጸቡቕ ጎድኒ ምድናቕ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። ኣብ ምድልዳል ዝምድናኻውን ዘይሃሳቕ ተራ እዩ ዘለዎ። ኣድናቖት ፍሉይ ትዕድልትን ብልሓታትን ደቂሰብ'ዩ ዝገልጽ። ንኣድናቖት ሸለል ብምባል ንኣሉታዊ ሸነኽ ካልኦት ምትኳር ግን ዘለካ ዝምድና ኣብ ሓደጋ ከይተውድቕ ምጥንቃቕ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይሲ ንእወታዊ ሸነኻት ዝምድና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለ ዝኾነ። ኣብ ኣሉታዊ ሸነኽ ጥራይ ዘተኮሩ ሰባት መብዛሕትኡ እዋን ናይ ገዛእ ርእሶም ጸገም ኣለዎም። ከም ልምዲ ርእዩቶ ኣብ እትህቦሉ ፈለማ ብእወታዊ ሸነኽ ምጅማር ኣገዳሲ ምኳኑ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ።

ስለዚ፡ ዋላ ኣብቲ ዘም ድልዱል ዝምድና ዘለዎም ሰባት ከምዚ ዓይነት ጸገም ብኸፊል የጋጥም'ዩ። ብዙሓት ሰባት ተቐዳዲሞም ነቲ ኣሉታዊ ሸነኽ የተኩሩ። ጸገም ምስ ኣጋጠመ ድማ፡ ዝምድናኦም ናብ ንብር ክመልሱ ይጽዕሩ። እዚ ግን



ግጉይ ኣተሓሳስባ'ዩ። ኣብ ጸገም ጥራይ ተሓጺርካ ከም ትነብር'ዩ ዝገብር። ነቲ ጸቡቕ ከም ዘይትርእዮን ከም ዘይተለልዮን ኢኻ ትኸውን። ኣብ ጸገማት ወይ ኣሉታዊ ሸነኻት ጥራይ ተተኲር እንተደኣ ኴንካ፡

ብዙሕ ዝምድናኻን ኣብ ካልኦት ዘለካ ትጽቢትን ትሕት'ዩ ዝኸውን። ስለዚ ብዙሕ ብልሓታት ካልኦት ኣብ ዘርያኻ ዘለዉ ሰባት ንምድናቕ ምውጻእ።

ኣብ ካልኦት ዝረኣየካ ኣሉታዊ ሸነኻት ነቲ እወታዊ ጎድንታቶት ከም ዘይዕብልሎ ኣሚንካ ስራሕ። ብሓፈሻ ከኣ ንብልሓታት ዝምድናኻ ምጽናዕ፡ ኣብ ዝምድና ምኽባርን ምድናቕን ክፉዝዘ ኣለዎ።

## ሻቕሎት

ሻቕሎት ብዘተፈላለየ ነገር ክኸሰት ይኽእል እዩ። ሓደ ካብቶም ናብ ጭንቀት ዘቃልዕ፡ መጠኑ ዝሓለፈ ሻቕሎት ብዙሓ ዘይርገጽ መጻኢ ዝብኾስ ጭንቀት እዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ 85 ሚእታዊት ካብቶም ሰባት ዝጭነቑሎም ነገራት ፈጺሞም ከም ዘየጋጥሙ የረጋግጽ። የግዳስ እቲ ጭንቀት ዝተፈላለየ ኣሉታዊ ሳዕቤናት'ዩ ዘኸትል። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ጭንቀት ዝገብረሎም ሰባት፡ ብሕማም ረሰዕ ክጥቀዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ምኳኑ ይገልጹ። ብተወሳኺ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ'ውን ዋላ'ቶም ንሓጺር ግዜ ምልክታት ጭንቀት ዘርእዩ ሰባት ሕማም ረሰዕ ክማዕብሎ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል ምኳኑ ይሕብር። ጽልዋኡ ብምርዳእ ኣብ እንጭነቐሉ ግዜ ብቐልጡፍ ካብቲ ዘጨንቐና እንገላገለሉ መንገዲ ምንዳይ ኣገዳሲ እዩ።

ብዙሓ መጻኢ ምሕሳብ ምጭናቕ ምጅማር ማለት'ዩ። ምጭናቕ እንተ ጀሚርካ ድማ ሽውሃት ንእሉቱ'ዩ ዝጠፍእ። ስለዚ ብዙሓ መጻኢ ሓሲብካ ምሕራር ምጭናቕ ኣገዳስነት የብሉን። ምኽንያቱ ኣብ ህይወትና እታ ኣገዳሲት ግዜ ሎሚ ስለ ዝኾነት።

- "ምስጠር ዕወታት ሰባት ክገብሮ እኽእል'የ" ዝብል ኣምር እዩ።

ብዙሓ መጻኢ ብውድቐት ዘይተሳ ብዙሓ ዓወት ምሕሳብ። ኑቶም ናይ ውድቐት ሓሳባት ብናይ ዓወት ሓሳባት ምትካእ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ምስ ዘጋጥም



"ክዕወት'የ። ኣይከስርን'የ" ኢልካ ምሕሳብ። ንኣተሓሳስባኻ ኣብ መጻኢ "ክዕወት'የ" ዝብል ኣበሃህላ ይዕብልሎ። ሓሳባት ዓወት ምሕሳብ፡ ኣእምሮኻ ናይ ዓወት ውጥናት ከም ዘማዕብል ዝገብር'ዩ። ሓሳባት ውድቐት ምሕሳብ ከኣ ኣእምሮኻ ፍሽለት ከም ዝሓስብ ይገብሮ።

- ኑብሰኻ ልዕሊ'ቲ ንሰኻ ትግምግሞ ምኳና ኣዘኻኽራ - ዕወታት ሰባት ፍሉያት ኣይኮኑን። ዓወት ብሉጽ ፍልጠት ዝሓትት ኣይኮነን። ዓወት ኣብ ዕድል ዝምርኮስ ኣይኮነን። ዕወታት ሰባት ልክዕ ከም ካልኦት ሰባት ፍጡራት ኮይኖም ኣብ ኑብሶም እምነት ዘማዕብሉ'የም። ፈጺምካ ኑብስኻ ኣይተትሕት።
- ከም ትዕወት ምእማን። ብዙሒ ዓወትካ ብዕብየት እምነትካ'ዩ ዝውሰን። ዓቢይቲ ሓሳባትን ዓቢይቲ ዕላማታትን ካብ ንኣሽቱ ሓሳባትን ዕላማታትን ንምትግባርዎ ይቐሉ እዮም።

## ብዓል ኣንስተይቲ ዝበሃግ ወዲ ተባዕታይ

- ስምዒታዊ ብስለት፦ ደቂ ኣንስትዮ ስምዒተን ክርድኣለንን ንባዕሉ እውን ስምዒቱ ብትኽክል ክገልጽ ዝኽእልን ወዲ ተባዕታይ'የን ዝመርጻ። ስምዒታዊ ብስለት ዘለዎ ወዲ ተባዕታይ ኣብ እዋን ግጭት ብህድኣት ክፈትሕ ስለ ዝኽእል፡ እዚ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ስምዒታዊ ድሕንነት ከም ዝስመዐን ይገብር።
- ሰማዒ፦ መብዛሕትኡ ግዜ ደቂ ኣንስትዮ ጸገመን ክነግራ ከለዋ፡ መፍትሒ ጥራይ ዘይኮነ ብጽሞና ዝሰምዐን ወዲ'ውን ይደልያ እየን። ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሓሳባታን ስምዒታን ብምሉእ ዝሰምዕን ዘኽብርን ወዲ ተባዕታይ ብስነ-ልቦናዊ መዳይ ኣዝዩ ተባሃጊ ይኸውን።
- እሙንነት ቅኑዕነት፦ ኣብ ቃሉ ዝጸንዕን ንዝተዛረቦ ተግባራዊ ዝገብርን ወዲ ተባዕታይ ዝምስርቶ ዝምድና ድልዱል መሰረት'ዩ ዝውንን። ሓደ ወዲ ተባዕታይ እሙን ክኸውን ከሎ፡ እታ ጓል ኣንስተይቲ ኣብኡ ምሉእ እምነት ክተሕድርን መጻኢኣ ምስኡ ክተሕልፎን'ያ ትመርጽ።
- ደገፍን ኣተባብዓን፦ ደቂ ኣንስትዮ ንሕልመንን ዕላማአንን ዝድግፍ ኣብ ግዜ ኮይኑ ዘተባብዐን ወዲ ይመርጻ። ከምኡ'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ራእይ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ንኽልቲኦም ንቕድሚት ንክሰጉሙ ዝጸዐር ወዲ ተባዕታይ ኣዝዩ'ዩ ዝማረኸን።
- ኣኽብሮ፦ ንኣተሓሳስብኣ፡ ንስድራኣ ንግዜኣን ዘኽብር ወዲ ተባዕታይ ብስነ-ልቦናዊ መዳይ ጓል ኣንስተይቲ ዝለዓለ ቦታ'ዩ ዝወሃቦ። እቲ ምንታይሲ፡ ምኽባር ዝመልኦ ዝምድና ኩሉ ግዜ ተባሃጊ እዩ።



## ጥቕስታት መዛነዪ

- "ኣብ ዝኾነ ሰብ ፈጺምካ ኣይትመርኮስ እቲ ምንታይሲ ጽላሎትካ ከይተረፈ ግዜ ምስ ጸልመተ ስለዝገድፈካ።" - ዘይተፈልጠ
- "ንኽትዕወት ናይ ገዛእ ርእስኻ ውሳነ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ወሳኒ እዩ።" - ኣብርሃም ሊንከን
- "ምስጢር ናይ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምብጻሕ ምጅማር እዩ።" - ማርክ ትዌን
- "ፍልጠት ኣብ ተግባር እንተዘይወዓለ ዋጋ የብሉን።" - ኣንቶን ቸኮቭ
- "ልቦና፡ ንገራት ብኸሉ ሸነኻቶም ምርኣይ እዩ። ከምኡ ድማ ንገራት እቲ ዝግብኦም ምግባር እዩ።" - ሃሪየት ቢቸር ስቶው
- "ብልሕን ልቦናን ካብ ዘወድቕዎ ኣብ ምትንሳእ'ዩ ደኣ ዝገለጽ እምበር ፍጹም ኣብ ዘይምውዳቕ ሲ ኣይኮነን።" - ኮንፊሽስ
- "ሰንፍና ኣዝዩ ቀስ ኢሉ ዝጎዓዝ እኳ እንተኾነ ንድኽነት ግን ነዊሕ ከይጸንሐ'ዩ ዝበጽሖ።" - ቤንጃሚን ፍራንክሊን።

## እሙን ዓርኪ

ካብ ጌጋ ዘድሕን ካብ ሕማቕ መገዲ
ናብ ቅንዕና ዝመርሕ ናብ ሰላም መኣዲ
ፍልጠቱ ከይብቆቕ ዘማኽር ዘዘቲ
እሙን ዓርኪ ንገበር።

ኣብ እዋን ሽግር ዘጸናንዕ
ኣብ እዋን ስራሕ ዘቦራትዕ
ንእኪይ ዝገንሕ ንሰናይ ዘተባብዕ
ኣብ ሓገሰና ዝቦሪል
ራህዋና ዝምኑ ኣብ ዓወትና ዘዕልል ምሳና
ዝጻወት ዝዘልል።
ብልቢ ዝእመን ወትሩ ዘይቕዖር ዝሓዞ
ኣብ ውሽጡ ምስጢራት ዝዕቁር
ንጭንቀት ናብ ርግኣት ዝመልስ
ንሓዘን ብጸጋዎት ዘድነብስ ካብ ጎድንና ወትሩ ዘየልግስ
እሙን ዓርኪ ንገበር ሽግርና ዘፋኽሱ።

ልቦና ዘዕበየ ሃፍቲ ዘወግድ
ተንኮል ዘይናቱ ንሓቂ ዝፈርድ።
ካብ ጸድፊ ዘድሕን ብጥጡሕ ዝመርሕ
ካብ ጸልማት መሊሱ መብራህቲ ዘበርህ
እሙን ዓርኪ ንገበር

ምንጪ፦ መጽሓፍ ጽባሕ

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | መ | ረ | | መ | | መ | ሃ | ረ | | ዒ | ላ |
| ም | | መ | ሃ | ን | ድ | ስ | | ገ | መ | ድ | |
| በ | ለ | ጽ | | ካ | | ፈ | ል | ፈ | ለ | | ሰ |
| በ | ለ | | ል | ዕ | ል | | ሙ | | ሳ | ሕ | ቲ |
| | የ | ዋ | ህ | | ዓ | ደ | ስ | | | ላ | |
| ል | | ሕ | መ | ረ | ት | | | ገ | ም | ገ | መ |
| ክ | እ | ለ | ት | | | ካ | ሳ | | | ት | ም |
| ዕ | ስ | ለ | | ካ | | ዕ | ዋ | ል | | | ህ |
| | ት | | ዕ | ራ | ር | ቦ | | ም | ሕ | ሳ | ር |
| ስ | ሕ | በ | ት | | | | ዒ | ሉ | | ራ | |
| ሑ | ጋ | | ሮ | ን | ዳ | | ግ | ም | ት | | ኦ |
| ል | ግ | ሲ | | ሱ | ማ | | ታ | | ሪ | ካ | ሞ |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)



## ኣከባቢ







# ምሕደራ መዛግብቲ (Record Management)

ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር - ሚ/መ/ማ/ኣ ዝዳሎ

ቀዳማይ ክፋል

### 1. ምሕደራ መዛግብቲ እንታይ እዩ፧

ካዳስትራዊ ስርዓት-ምዝገባ ምስ መድረኽ ዝሰገም ምሕደራ መዛግብቲ የድልዮ። መዛግብቲ፡ ንወግዓዊ ስራሕ ትካል/ሚኒስትሪ ዘይወግዓዊ ጽሑፋት ከም ቅዳሕ ሰነዳት፡ ፖሊሲታት፡ መምርሒታት፡ ውዕላት፡ ስምምዓት፡ ደቓይቕ ኣኼባታት፡ ባጀት፡ ጸብጻባት፡ ወዘተ. የጠቓልል። ምሕደራ መዛግብቲ፡ ንኣተሓሕዛ፡ ዕቃብ፡ ምስግጋር፡ ምጉሓፍ (ምውጋድ)፡ ምምራጽ ክዕቀቡ ዘለዎም መዛግብቲ ስርዓት ምትሓዝ ማለት'ዩ። ምሕደራ መዛግብቲ፡ ሓደ ውድብ፡ ትካል፡ ወይ ቤት ጽሕፈት ንሓደ ንጥፈት ብውሕልነትን ስሉጥነትን ተመራሒ ኣድማዒ ውጽኢት ንምርካብ ናይ ዘካይዶ ንጥፈት ዝገልጽ ጥቡብ ዓውደ ፍልጠት እዩ። መደብ ምሕደራ መዛግብቲ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ፡ ፖሊሲን ኣገባብን ምሕደራ መዛግብቲ፡ ስርዓት-ኣመዛግባን መምርሒታትን፡ ምክትታልን ምምዝጋምን፡ ቅጥዒ ምትሓዝን ንዝምልከቶ ትካል ምምእዛዝ (compliance)፡ ምዕዶ፡ መዛግብቲ ዝቕመጡሉ ቦታን፡ ገንዘብን ካልእ ጸጋታትን የጠቓልል።

ኣብ ዕቃብ ሰነዳት ሕቶ ህንጻ መሰረታዊ ምኽንያት ምግንዛብ የድሊ። ምኽንያቱ፡ ብድልዳሉ ዘተኣማምን ካብ ጠሊ፡ ምቕት፡ ብርሃን ጸሓይ፡ ደሮና፡ ባልዕ ወዘተ. ናጻ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ምሕደራኡ ቀንዲ ኣሰራድ ኮይናም ዘገልግሉ መትከላት፡ ስሉጥ (ውጽኢታዊ)፡ ተሓታትነትን ቀጣዪነትን እዮም። መዝገብ (record) ናይ ዝተቐበልካዮ፡ ዝፈረምካዮ፡ ብውልቀሰብ ይኹን ውድብ ዝተታሕዘ ከም መርትዖ ወይ መወከሲ ናይ ዝተኻየደ ንጥፈታት ዘገልግል ብመልክዕ ጽሑፍ ወይ ስእሊ ኣብ ወረቐት፡ ኤሌክትሮኒካዊ፡ ማይክሮ-ፊልም፡ ዲጂታል ወይ ብድምጺ ዝተሓዝ ሓበሬታ እዩ። መዛግብቲ፡ ሓበሬታ ዘመሓላልፉ ሰነዳት እዮም። እንተኾነ፡ ኩሎም ሓበሬታ ዘመሓላልፉ ሰነዳት መዛግብቲ ኣይኮኑን። ንኣብነት፡ መጻሕፍቲ መዛግብቲ ኣይኮኑን። መዛግብቲ ዝበዝሑ ናይ ሓቀኛ ፍጻመታት ሰነዳት'ዮም። ኣርባዕተ (4) መሰረታውያን ጠባያት ድማ የጠቓልሉ። ንሳቶም ድማ፦

1) ቀወምቲ ሓበሬታ-ወግዓውያንን ንለውጢ ዘይቅሉዓት ዝኾኑ

2) ሓላፍነታውያን-እሙናት ምስክር ናይ ዝተፈጸመ ንጥፈታት

3) መብቆላውያን-ብዘይ ዝኾነ ለውጢ ንድሕሪት ተመሊስካ ብቐሊሉ ክረጋገጹ ዝኽእሉ

4) ፍሉይ (unique) - ኣብ ሓደ መስርሕ ዝተፈጸመ ንጥፈት ዝገልጽ፡ ምስ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዝተፈጸሙ ንጥፈታት ዘተኣሳስር ሓበሬታ ዘለዎም እዮም።

ምዕቃብ መዛግብቲ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ዝጸንሐ እዩ። ከም ኣካል ሓፈሻዊ ምሕደራ መዛግብቲ ዝማዕበለ ግን ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘበን እዩ። ምሕደራ መዛግብቲ፡ ዝድለየሉ ምኽንያት፡ ውልቀሰብ ይኹን ትካል ዘካይዶም ንጥፈታት ብግቡእ ተሰኒዶም ብቀሊል ናብ ካልኦት ንምትሕልላፍ ንኽከኣል እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ እዩ ምሕደራ መዛግብቲ፡ ምሕደራ ፍልጠት እዩ ዝበሃል። ሰነድ (document) ኣካላዊ ወይ ነገራዊ ጭብጢ ናይ ሓበሬታ እዩ። ዝተፈላለየ ዓይነት ሰነዳት ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ዝሓትት፡ ብመልክዕ ጽሑፋዊ፡ ስእላዊ (pictorial)፡ ድምጻዊ (audio)፡ ድምጺ-ምርኢታዊ (audio-visual)፣ ካርቶግራፊያዊ፡ ወዘተ. ዝተሰነዱ ኣለዉ። ኣብ ወረቐት፡ ፊልም፡ ዲስክ፡ ተይፕ፡ ኮምፕዩተር (ኣብ ዳታ ዝኣተወ ሓበሬታ) ወዘተ ድማ ይዕቀብ።

### 2. ቀንዲ መትከላት ኣብ ምሕደራ መዛግብቲ

ኣብ ምሕደራ መዛግብቲ፡ ንምሕደራ ዝተዘሉ ኣርባዕተ መሰረታውያን መትከላት ኣለዉ።

2.1. መዛግብቲ ብመሰረት ዝመስርሖም ትካል ወይ ንምዕቃቦም ሓላፍነት ዝተቐበለ ትካል ብጥርኑፍ ኣብ ሓደ ፍሉጥ ቦታ ይቕመጡ፡ ከም ኣመጻጽኣኦም ድማ ስርዓት ብዘሓለወ ኣተዓቓቕባ ይተሓዙን ይመሓደሩን።

2.2. መዛግብቲ ዕድመ ኣለዎም፡ ልክዕ ከም ሂወት ዘለዎ ይፍጠሩ፡ ንዝተወሰነ እዋን ይቕመጡ፡ ኣገልግሎቶም ምስ ወድኡ ይዓንዉ ወይ ታሪኻዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ድማ ናብ ኣርቺቭ (ኣርካይቭ) ይሰግሩ። ብመሰረት ዕድመኦም ድማ እዋናውያን፡ ሓውሲ እዋናውያን፡ እዋናዊ ዘብቅዑ ይበሃሉ። ንጠፋኢ ኣብ ስራሕ ኣድለይቲ ምስ ዝኾኑ፡ ንዋሕ እዋን ክዕቀቡ ናብ ኣርካይቭ ይሰግሩ።

2.3. ምክንኻንን ምዕቃብን መዛግብቲ፡ ሓላፍዝላፍ ዘይብሉ፡ ተኸታታልን ስርዓት-ኣተዓቓቕባ ብምኽታልን ይመሓደር። ምኽንያቱ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ምዕቃብ፡ ምጥቃም፡ ምዕናው (ምጉሓፍ)፡ ናብ ኣርካይቭ ምስግጋር መዛግብቲ ቀጻሊ መስርሕ ስለ ዝኾነ።

2.4. መዛግብቲ ብሓደ ፍሉጥ ስርዓት ምእንቲ ክዕቀቡ ኣፍቶም መፍለዪ መለለዪ ምልክት ይግበረሎም። እዚ ብዘቐለለን ዝቐልጠፈን ረኺብካ ንምጥቃም የኽእልን ንኣገልግሎት ድሉው ምኻኑ የረጋግጽን።

ምሕደራ መዛግብቲ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ኣተሓሕዛ ጥራይ ኣይሕጸርን እዩ። ምሕደራ መዛግብቲ፡ ንውጽኢታዊ ስራሕ ኣገዳሲ ንጥፈትን እምነትን ኣዋጽኦን እዩ። መደብ ብጽፈት ምስልሳሎምን ዘይምዕማዎምን ዘድሊ ሓበሬታ ዘሰንቑ ዓማዊል ዝተዋህበ ብስሉጥን ቀሊልን ኣገልግሎት ዘረጋግጽ፡ ተመሳሳሊ ጌጋታት ከይፍጸሙን ከይድገሙን ከም ተመኩሮ ንመማሃሪ ዘገልግል፡ ሓላፍነት ናይ ዝተፈጸመ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ንጥፈት ዘሰንዮ፡ ውሳነ ንምሃብ ብቑዕ መወከሲ ሓበሬታ ዝሁብ፡ ከም ጥራ-ነገር ታሪኻዊ መጽናዕቲ ንምክያድ ኮነ ብዝዕባ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ዝተፈጸመ ንጥፈት ሓበሬታ ዘሰንቕ ወዘተ እዩ። መዛግብቲ ዝም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዕላማታት ንኸገልግሉ፦

- ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ናይ ዝምልከቶ ኣካል ዓማዊ ክኸውን

- ንኽግለጽ ዝተበገሰሉ ንጥፈት ብትኽክል ዝሕብር

- እኹል ሓበሬታ ዘለዎ

- ምሉእን ብቐሊሉ ዘረድእን ክኸውን

- ብጉቡሪ ክትጥቀመሉ ዘኽእልን ንጹርን

- ዘተኣማምን ሓቀኛ ሓበሬታ ዝሓዘ

- ድምሳስ ወይ ዝተቐየረ ሓበሬታ ዘይብሉ

- ምስ ዝበሩ ሕጋጋትን ፖሊሲታትን ዘይጻረሩ፡ ወዘተ. ክኾኑ ይድሊ።

ተጠቀምቲ መዛግብቲ፡ ብዛዕባ ምሕደራ መዛግብቲ ካብ ገለጽና፡ ተጠቀምቲ መዛግብቲ'ኸ ብዓል መን እዮም ምሕባር የድሊ።

- መዛግብቲ ዝመስርሖም ኣካል፡ ካልኦት ትካላትን መላእ ሕብረተሰብን የገልግሉ።

- መንግስቲ ግዝኣተ ሕጊ ንምንጋስን መሰል ዜጋታት ንክይግሃስ ንኽቆጻጸርን ይሕግዙ።

- ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኣብ ጭብጢ ተመኩሮ ተመርኲሶም ፖሊሲታት ንምሕንጻጽ።

- ታሕተዎት ሓለፍቲ ዝተዋህቦም መደባት ንምትግባር።

- ኦዲተራት መዓላ ጸጋታት ከመይ ከም ዝዘበረ ንምርግጋጽ።

- ኣብያተ-ፍርዲ ሓቀኛ ውሳነ ንምሃብ።

- ህዝቢ/ዓማዊል መሰሎምን ረብሓኦምን ንምክልኻል ዘተኣማምን ሓበሬታ

### 3. ዝጸንሐ ኣወሃህባ መለለዪ ቁጽርን ስርዓት-ኣተዓቓቕባን

ሓሙሽተ ዓይነት ኣገባብ ኣከፋፍላ ፋይላት (መዛግብቲ) ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡ ኣልፋቤታዊ ኣገባብ (ፊደላዊ)፡ ኣሃዛዊ ኣገባብ፡ ጉዳያዊ ኣገባብ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣገባብ፡ መስርዐ-ግዜኣዊ ኣገባብ እዮም።

1) ኣልፋቤታዊ ኣገባብ (ፊደላዊ)፡ እቲ ኣሰራርዓ ኣብ ኣልፋቤት ዝርከቡ ፊደላት ብምጥቃም (ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ ወዘተ.) ይሰራዕ።

2) ኣሃዛዊ ኣገባብ፡ ኣብ ኣሃዛት ተመርኲሱ ይሰራዕ። ንኣብነት፡ 1፡ 2፡ 3፡ 4፡ 5፡ ወይ 1.1፡ 1.2፡ 1.3፡1.4 ወዘተ እናበለ።

3) ጉዳያዊ ኣገባብ፡ ብዓይነቶም ሓደ ዝኾኑ ኣብ ሓደ ይስርዑ። ንኣብነት፡ ንኣብይቲ ዝምልከት ብደረጃ ሃገር ወይ ዞባ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ብሓደ ይተሓዙ።

4) ጂኦግራፊያዊ ኣገባብ፡ ኣብ ጂኦግራፊያዊ ኣከፋፍላ ተመርኲሱ ይሰራዕ። ንኣብነት፡ ንዞባ ጋሽ ባርካ ዝምልከቱ ሰነዳት/ጸብጻባት ብሓደ ይተሓዙ ማለት'ዩ።

5) መስርዐ-ግዜኣዊ ኣገባብ፡ ብመሰረት ዝቐረበሉ ዓመተ-ምህረት፡ ወይ ዕለት ይተሓዙ። እዚ ዝተጠቕሰ ሓፈሻዊ ኮይኑ እናተዳቐቐ ዝኸይድ እዩ።

እቶም ቀንዲ ዝውቱራት ዝኾኑ ግን፡ ኣልፋቤታዊ ወይ ኣሃዛዊ እዮም። ሕወሰዋስ ናይ ክልቲኦም እውን ኣሎ። ነፍሲወከፍ ኣገባብ ኣከፋፍላ ኣዎንታ ሓያልን ድኹምን ጎደኒታት ኣለዎ። ቤ/ጽ ካዳስተር ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ኣገባብ ስርዓት-ፋይል ሕወሰዋስ ናይ ኣልፋቤታውን ኣሃዛውን እዩ። ብደረጃ ሃገር ናይ ኩሉ ዞባታት ሓዋዊሱን ጠሪዙን ይሕዝ ነይሩ። ዋናታት ንብረት፡ ምሉእ ስሞም ብኣልፋቤታዊ ኣገባብ ኣብ ካርድ ይጽሓፉ፡ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት ድማ ኣብ ጎድኑ ይሰፍር። ውሱን ብዝሒ ናይ ወሃኒ ምስ ኣኸለ (50-100) ተጠሪዙ ይተሓዝ ነይሩ፡ መለለዪ ቁጽሪ ድማ ካብ — ክሳብ — ይጽሓፈሉ። ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብስም ዋና ንብረት ወይ ድማ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት ምስ ዝሕተተሉ ቀልጢፍካ ክርከብ ይከኣል። እንተኾነ፡ ታሪኽ ናይ ሓደ ንብረት ንምፍላጥ ናብ ዝተፈላለየ ዝተጠረዘ ጥማር ስለ ዝወስደካ ኣድካሚ እዩ። ዝ. ድኹም ጎደኒ'ዚ. ንምፍዋስ ከኣ እዩ ቤ/ጽ ካዳስተር ዘበናዊ ኣተሓሕዛ ስርዓት-መዛግብቲ ዘተኣታተወ። ኣብዚ ዘበናዊ ኣተሓሕዛ'ዚ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ታሪኽ ዝሓዘ ወሰን ብዝሒ ፋይላት ኣብ ዘይጥረዝ መሕቆፊ ይተሓዝ። ዝኾነ ሰብ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ ወይ ስም ዋና ንብረት ብምሕባር ቅዳሕ ሰነድ ክወሃቦ፡ ኩነታት ንብረት ክሕበሮ፡ ወዘተ. ይከኣል።

እቲ ዝጸንሐ ኣገባብ ኣወሃህባ መለለዪ ቁጽሪ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምጥቃስ ኣድላዪ እዩ። ሓደ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክምዝገብ እንከሎ መፍለጢ ዝኾነ መለለዪ ቁጽሪ ይወሃቦ። እዚ ማለት ሓደ ንብረት ብዘለዎ ህንጻ ይኹን ብምትሕልላፍ ኣብ ዝምዝገበሉ እዋን ብተደጋጋሚ በበይኑ መለለዪ ቁጽሪ ይወሃቦ ነይሩ። ኣብ'ዚ፡ እቲ ንምትሕልላፍ ንብረት ብምድግጋም ዝወሃብ ዝበረ ቁጽሪ ንብዝሒ ዝተመዝገበ ንብረት የጋንፎ ነበረ። ከም ድኹም ጎደኒ ድማ ይርኤ። መለለዪ ቁጽሪ ምዝገባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብምስክር ብቐዓት ህንጻን ምትሕልላፍን (ብመሸጣ፡ ውርሻ፡ ህያብ፡ ወዘተ) ዝምዝገብ ንብረት ካብ ሓምለ 1888 ጀሚሩ ካብ 01 ተበጊሱ፡ ንኣብነት፡ በዚ ስርዓት ምዝገባ'ዚ. ክሳብ 10/05/2006 ዝተመዝገበ 64,235/105,314 እዩ። እዚ፡ እቲ ቀዳማይ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ እቲ ካልኣይ ከኣ መለለዪ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት ማለት እዩ። መለለዪ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት ዝብል፡ ድምር መለለዪ ቁጽሪ ምዝገባ ብብቕዓት ህንጻን ምትሕልላፍን፡ ምዝገባ ትሕጃ፡ እገዳን መዛክርን ዘጠቓለለ እዩ።

መለለዪ ቁጽሪ ትሕጃ ንብረት፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ ፋይናንሳዊ ትካላት ገንዘብ ንምልቃሕ ስለ ዘገልግል፡ ዝኾነ ውልቀሰብ ወይ ትካል ብውሕስነት ኣብ ቤ/ጽ-ካዳስተር ዝተመዝገበ ህንጻ ወይ ግዛ ብምጥቃም፡ ገንዘብ ካብ ፋይናንሳዊ ትካላት ኣብ ዝልቀሓሉ እዋን፡ እቲ ግዛ ወይ ቀዋሚ ንብረት ብትሕጃ ይተሓዝ። እዚ'ውን ከም መለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ ትሕጃ ካብቲ ፈለማ ዝጀመረሉ ዕለት ካብ 01 ተበጊሱ ክሳብ ዕለት 10-05-2006 23,224/105,314 በጺሑ። ኣብ'ዚ. እውን እቲ ቀዳማይ ቁጽሪ ናይ ትሕጃ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት፡ ማለት ድምር መለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ ትሕጃ፡ እገዳን መዛክርን እዩ። መዛክር፡ ንምስራዝ ትሕጃ፡ ምልዓል እገዳን ምእራም ሰነድን የጠቓልል።

መለለዪ ቁጽሪ መዛክር ንብረት፡ ብፋይናንስያዊ ትካላት ብዕዳ ተታሒዙ ወይ ብቤት ፍርዲ ተኣጊዱ ዝጸንሐ ግዛ (ህንጻ)፡ ዕዳ ተኸፊሉ ትሕጃ ኣብ ዝስረዘሉ ወይ ብቤት ፍርዲ ተኣጊዱ ዝጸንሐ እገዳ ኣብ ዝልዓለሉ እዋን ወዘተ፡ ብዝምልከቶ ኣካል መእረምታ ሰነድ ኣብ ዝግበረሉ፡ ብመዛክር መለለዪ ቁጽሪ ይምዝገብ። መለለዪ ቁጽሪ መዛክር ንብረት ካብ 01 ተበጊሱ ክሳብ ዕለት 10-05-2006 17,855/105,314 በጺሑ። ኣብ'ዚ. እውን እቲ ቀዳማይ ቁጽሪ ናይ መዛክር (ድምር ምስራዝ ትሕጃ፡ ምልዓል እገዳን መእረሚ ሰነድን)፣ እቲ ካልኣይ ድማ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት፡ ማለት ድምር መለለዪ ንብረት፡ ትሕጃ፡ እገዳን መዛክርን እዩ።

መለለዪ ጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ፡ እዚ. ከም ኣመጻጽኣ ርእዩ ቅደም-ተኸተል ዝሰርዕን ንመውዛኒ. መለለዪ ቁጽሪ ዘገልግልን እዩ። መለለዪ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት ከም'ዚ. ኣቐዲሙ ዝተሓበረ፡ ድምር ናይ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ ትሕጃ፡ እገዳን መዛክርን እዩ። ኣብ'ዚ. እውን ከም'ዚ. ኣብ ላዕሊ ዝተሓበረ፡ ብዕለት 10-05-2006 ብስም ሓደ ውልቀሰብ ዝተመዝገበ ንብረት፡ 64,235/105,314 ተጻሒፉዎ ይርከብ፡ እዚ. ማለት፡ እቲ ቀዳማይ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት (ድምር ምዝገባ ብብቕዓት ህንጻን ምትሕልላፍን) ፡ እቲ ካልኣይ (105,314) ድማ ጠቕላላ ቁጽሪ ንብረት፡ ማለት ድምር መለለዪ ቁጽሪ ንብረት፡ ትሕጃ፡ እገዳን መዛክርን ማለት'ዩ።

ይቕጽል . . .



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ናቕፋ ኣብ 49 ዓመት ልደታ

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብቲታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፉ መጽሓፍትን መጽሔታትን፡ ቃለ መጠይቓት ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭስ ጨ/ሰ/እ. ሚ/ ዜናን ካልእን ዝተረኽበ ሰነዳታትን ስእልታትን ምርኩስ ብምግባር ዝዳሎ ምዃኑ ኣቕዲምና ነፋልጥ።

ስርዓት ደርግ ነቶም ኣብ ናቕፋ ተኸቢቦም ዝነበሩ ወተሃደራቱ ዝሰደሎም ደገፍ፡ በታ ተጋደልቲ ክራር ኢሎም ዝጽውዕዋ ዝነበሩ፡ C-119 ዝዓይነታ ነፋሪት፡ ብጋንጽላ ዕጥቕን



ተጋደልቲ፡ ክራር ዘጠመቕዋ ነፋሪት ጋንጽላ እናደርበየት

ስንቅን ምቕራብ ነበረ። ዝበዝሐ ካብቲ ጋንጽላታት ኣብ መዛግብ ተጋደልቲ ይወድቕ ብምንባሩ ግን፡ ንጸገሞም ዝፈትሕ ኣይነበረን። ህይወት ከፈልካ ዝብላዕ ተካል ብላዕ ብምንባሩ ከኣ፡ ክንዮ መቓልዒ ዝሓልፍ ዕምሪ ኣይነበሮን።

ሓደ እዋን ኣብቲ እግሪ ናይ ታባ-ብራውን፡ ነፋሪት ክልተ ጋንጽላታት ትድርቢ። እታ ሓንቲ ናብቶም ክቡባት ወተሃደራት ጸላኢ ትቐርብ። እታ ካልኣይቲ ድማ፡ ናብቶም ተጋደልቲ። እቶም ተጋደልቲ መሬት ጽልምት ክብል ከሎ፡ ነታ ዝረሓቐት ናብ ወተሃደራት ጸላኢ ቀሪባ ዝነበረት ከምጽኡ ናብታ ቀዳመይቲ ከዱ። እታ ናብ ተጋደልቲ ዝወደቐት ጋንጽላ ጉስማጥ ዝሓዘት ነበረት። እታ ጸላኢ ዝወሰዳ ግን፡ ጥይት ናይ ብራውን ነይራ። እቲ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ወተሃደራት ደርግን ዝነበረ ቅድድምን ምትህልላኽን ከምዚ ጭርጭር ዓበደ'ዩ ዝነበረ።

ወተሃደራት ጸላኢ ኣብቲ ናይ ጸልማት ህጁማት፡ ኣብ ኣፍ ጉድጓዶም ክኣትዉ ከለዉ ናይ ዝተሰውኡ ተጋደልቲ ውሑዳት ከላሸናት ረኺቦም ነይሮም። ሓደ ለይቲ ንዓኣተን ዓጢቖም፡ ተጋደልቲ ተመሲሎም፡ ነቲ ብጋንጽላ ዝወረደ ዕጥቕን ስንቅን ዝሰከሙን ዘሰክሙን ዝነበሩ ተጋደልቲ ትኽ ኢሎም ተሓዊሶሞም። እቶም ዝሰከሙ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ንተጋዳላይ ኣይብሉ ንኣምሓራይ ንኹሎም የሰክሙዎም። ወተሃደራት ጸላኢ ስንቆም ተሰኪሞም ናብ መዓስከሮም፡ ተጋደልቲ ከኣ ንበረኻ። ሽዑ እቶም ተጋደልቲ ናብ ቦታኦም ምስ ተመለሱ ርእይ እንተ በሉ ፍርቆም ክማቐሉ ሓዲሮም።

ስርዓት ደርግ ብድሕሪ ዝላ ኣየር ወለድ፡ ነቲ ኣብ ናቕፋ ዝተኸበበ ሰራዊቱ ንምድሓን ዝገበሮ ዝዓበየን ናይ መወዳእታን ፈተነ፡ ብታንክታት፡ ነፈርቲ ኲናትን ከበድቲ ኣጽዋርን ዝተሰነየ ቃፍላይ፡ ኣብ ታሕሳስ 1976 ዘካየዶ ወፍሪ'ዩ። ነቲ ሰራዊት፡ ንዕርድታት ተጋደልቲ በናጢሱ ከም ገለ ናቕፋ እንተ ኣተወ ዝምኑ፡ "በጥስ" ዝብል ስም'ዩ ተዋሂቡዎ። ካብ ኣስመራ ክነቅል ከሎ ኣትሒዙ ብተጋደልቲ ህ.ሓ. እናተዘብጠ፡ ብኸቢድ ጸባ ከረን ዝኣተወ በጥስ ግን፡ ካብ ሩባ ዓንሰባን ንንፈሎምን ክሓልፍ'ውን ዓቕሚ ኣይረኸበን። እቲ ን36 መዓልታት፡ ብዘይዕረፍቲ ዝተኻየደ ውግእ ሩባ ዓንሰባ፡ ተጋደልቲ ህ.ሓ. ብኹለንትናኡ ተጠናኺሩ ንዝወፈረ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ብምዕጋት ዝሰዓሩሉ ናይ ፈለማ ተመኩሮ'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ ናይ ናቕፋ ከበባ ምስ እንምለስ፡ ኣብቲ ፈለማ ብወገን ተጋደልቲ ኣርባዕተ እንተተኸሰም ብወገን ሰራዊት ጸላኢ ሸሞንተ ዓጸፋ ይምልሱ ነበሩ። ደሓር ግን ዕጥቖም እናጎደለ ምስ ከደ፡ ተጋደልቲ ዋላ ሰላሳ እንተተኲሱ ሰራዊት ጸላኢ ብኣንጻሩ ትም ምባልን ኣብቲ ንህይወቶም ኣሰጋኢ ዘኾነሉ ጥራይ ምምላስን መጺኡ። እዚ ድማ ተጋደልቲ ካብቲ ቀደም ዝነበሩዎ ቦታ እናቐረቡ ንክኸዱ ኣኽኢሉዎም።

እቲ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ከበባ ናቕፋ፡ ብ22 መጋቢት 1977 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቐ. በቲ ንመኸወሊ ርእሲ ዝኸውን እምኒ'ውን ዘይብሉ ቀላጥ ደቡባዊ መዓስከር'ዩ ተጀሚሩ። ደቡባዊ መዓስከር ብጸልማት ካናለ እናኾዓትካን ክሻ ዝመልአ ሓመድ ብመንከብካ እናኣግዓዝካን'ዩ ተጀሚሩ። ንመዓስከር ዓሊ ሐጎ ንመማረኺ ዝጥቀሙሉ ማይክረፎን ሒዞም'ዮም ሃጂሞም። ብጻይ ዓሊ ሰይድ 'ብኣምሓርኛ ገይርኩም ኢድኩም ሃቡ በልዎም' ይብሎም ነይሩ። ሓያለይ ወተሃደራት ንጻውዒት ተጋደልቲ ሰሚዖም ኣብ ሻምብቆ ብረቶም ጻዕዳ ጨርቂ ብምእሳር ኢዶም ይህቡ ነይሮም። ኣብ'ቲ እዋን ናቕፋ ብምሉኡ ፈንጂ'ዩ ተቐቢሩዎ ነይሩ።



በርህ ጻዕዱ ኣቡታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ምሕራር ከተማ ናቕፋ ዝተሰውአ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 3

ናቕፋ ብድሕሪ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ከበባ፡ ብ22 መጋቢት 1977 ሰዓት 6፡00 ድ.ቀ. ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ወጺኣ። ብዘይካ ግመ ተጕልቢቦም ዝወጹ ውሑዳት ኣብኣ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ደርግ፡ ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሶም። ዝመውት ሞይቱ፣ ዝማረኽ ድማ ተማሪኹ።

"ኣዛዚ ናይቲ ኣኽቢቦም ዘደምሰሱዎ ሰራዊት ደርግ፡ ሻለቃ ማሞ ተምትሜ ናይ ብሓቂ ንፉዕ መራሒ ምንባሩ እቶም ተጋደልቲ ባዕሎም ዝምስክሩዎ ሓቂ'ዩ። ካብኡ ዝኸፍኡን ዝሕይሉን ስለ ዝረኸቡዎ ግን፡ ኣብኣ ጠፊኡ" ይብሉ ካብ ሓለፍቲ ናይቶም ኣብ ናቕፋ ዓሪዶም ዝነበሩ መራሕቲ ተጋደልቲ ህ.ግ።

ስርዓት ደርግ ካብ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክሳብ መጋቢት 1988 ካብቲ ግንባር ተሓግሒጉ ዝድምሰስ፡ ናቕፋ ንኽምልስ ኣሽሓት ወተሃደራት የህሊቑ። ናቕፋን ዘይድፈሩ ዕርድታታን መቓብር ሰራዊት ኢትዮጵያ ተቐይረን። እታ ከተማ ድማ፡ ኣብተን ናይ ምርብራብ ዓሰርተ ዓመታት ከም ዘይነበረት ኰይና ተደምሲሳ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ድማ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ምስ ተደምሰሰላ ካልኣይ ግዜ ኣማዕድዩ ብዓይኑ እንተ ዘይኰይኑ፡ ክረግጻ ኣይከኣለን።

እቶም ናቕፋ ዝረገጹ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣየኖት'ዮም እንተ በልኩም፡ እቶም ኣብቲ ደማዊ ውግኣት ብተጋደልቲ ዝተማረኹ ጥራይ እዮም። ካብዚ ብምብጋስ፡ "ከመኪና መጥፎ ኣይፋ፡ ከውጊያ መጥፎ ናቕፋ" ማለት "ካብ መኪና ሕማቕ ኣይፋ፡ ካብ ውግእ ሕማቕ ናቕፋ" ዝብል ብሂል ወተሃደራት ኢትዮጵያውያ ነዚ ዘረጋግጽ እዩ።

ብዘይካ'ቶም ኣብ ናይ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ከበባ ስለኣ ዝወደቑ ጀጋኑ፡ ኣብ ውግእ ዕለተ-ምሕራር ናቕፋ፡ ምኩር መራሒ ቦጦሎኒ ሰለስተ ዝነበረ በርህ ጻዕዳ ዝርከቦም 30 ተጋደልቲ ተሰዊኦም። 70 ተጋደልቲ ከኣ ተወጊኦም። ኣብ ውግእ ከበባን ምሕራርን ናቕፋ ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ኲናትን ምልከት ኣጽዋርን ዘደለቡዎ ተመኩሮ መሰረት ናይቲ ድሒሩ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ሱሩ በርቂቑ ኣብ ናይ ታሪኽ ጕሓፍ ዝደርበዮ ሓርነታዊ ኲናት ኰይኑ።

"ናቕፋ ኣብ ሰውራና ዘምጸኣቶ ለውጢ ኣዝዩ ዓቢን ወሳንን ስለ ዝኾነ፡ ዕርዲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ እንተ በልናያ ዝተጋነነ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ከኣ እያ።" ተጋ/ስወእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ- ኣዛዚ ግንባር ናቕፋ።

እወ፡ ሓቂ'ዩ፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ፡ ብኣውራኡ ድማ ታሪኽ ሳሕልን ጽንዓትን ታሪኽ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ተጋዳላይን እንክዝከሩ፡ ብኽብሪ እትለዓል ትእምርቲ ጽንዓት ኤርትራውያን ክትከውን በቒዓ - በሾሪ ሓራ ርእሰ ከተማታት - ናቕፋ።

ካብቲ ኣብ ምሕራር ናቕፋ ዝተሰልበ ንብረት ጸላኢ፦

539 ጠበናጁ (ካብኡ 453 M-14)፡ 70 ቡበዓይነቱ ብሬናት፡ 4 ብራውን፡ 15 ማሺንጋናት፡ 2 ናይ 75 ሚ.ሚ. መዳፍዕ፡ 5 ናይ 81 ሚ.ሚ. ሞርታራት፡ 25 ናይ 2 ኢንች ሞርታራት፡ 40 ናይ 40 ሚ.ሚ. ተወንጫፊ (ላውንቸር)፡ 78 ሽጓጉጥ፡ 1 መፈተሺ ነታጕ፡ 22 መኪይን (18 ካብኣን ማግ)፡ ብበዝሒ ቦምባታት ኢድ፡ ምሉእ ንብረት ጋራጅ፡ 11 ጀነረይተራት (ሓንቲ ካብኣተን ምሉእ ከተማ እተብርህ)፡ ሓንቲ ናይ 300 ሓይሊ ፈረስ ኮምፕረሰር፡ 22 ስልኪ ኣልቦ ወተሃደራዊ ሬድዮታት ርኽብ (PRC)፡ 117 ሬድዮታት ወረን ቴፓትን፡ 167 ሰዓታት ኢድ፡ 6 ዓበይቲ ስልኪ ኣልቦ ወተሃደራዊ ሬድዮታት ርክብ፡ 125 ወተሃደራዊ መነጸራት፡ 1,340 ወተሃደራዊ ክዳውንቲ፡ ብበዝሒ መሳርሒታት ሕክምና፣ 14 ናይ ጽሕፈት መካይንን ልዕሊ 500 ኩንታል እኽልን ተሰሊቡ።



ምስሊ: ናቕፋ ኣብተን ድሕሪ ምዝላቕ ዝቐጸላ ዓሰርተ ዓመታት

**ምንጪ፡ መጽሔት ከበባ ናቕፋ 20 ሰነ 2011**

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ድሕሪ ምድምሳስ ናደውን ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን፡ ዳግማይ ኣፍዓበት ንምምላስ ብምብራቓዊ ጎላጉል ዝወፈረ ክ/ጦር ጸላኢ እንታይ ይበሃል፧

2. ወርሒ መጋቢት ኣብ ግዜ ወራራት ወያነ እንታይ ዝኾነ ገዲፉ፧
ሀ/ ውግእ ዓዲ በጊዖ 2000 ለ/ ውግእ ግንባር መረብ ሰቲት 1999 ሐ/ ውግእ እግሪ መኸል 1999

3. ካብቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዝተፈጸመ ፍጻመታት ሰውራ ጥቐሱ። ምርጫ ኣለኩም፡
ሀ/ ሓርነት ግንዳዕ 1978 ለ/ ሓርነት ኣፍዓበት1977 ሐ/ ሓርነት ደቀምሓረ 1977

4. ኣብ 1984 ኣብ ጕላጉል ግራት ታንክ ብታንክ ውግእ ዝተገብረሉ ወርሒ ጥቐሱ፦

ሀ/ሚያዝያ ለ/ግንቦት ሐ/መጋቢት

5. ኣብ 1977-1978 ገለ ከተማታት ብተጋደልቲ ክተሓዛ ተፈቲነን። የግዳስ ብተጋደልቲ ክተሓዛ ኣይተኻእለን። ካብኣን ክልተ ጥቐሱ፡
መልሲ ናይዚ ሕቶታት ኣብ ዝቕጽል ሕታም...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣቦ ገለ ባይሩ፡ ብዓል ቤተይ ብርኸ ሃይለ ጉብረትንሳኤ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለምለም ብጹኣምላኽ ወልደኣብ፡ ሓፍተይ ናጽነት ብጹኣምላኽ ወልደኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ 6ይ መጋብኣያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትምኒት ተኽለ ሰረቐ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ሳህለ ብርኸ እምባየ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ንናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 47 ይቕረብ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ብልቢ እኑፍቅርን እኑኽብሮን ብዓል ቤተይ እንጂነር ጌታሁን ጺጋይ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ሓዘንና ገጹና ዝተመላለስኩምና፣ ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፣ ንኹሉኹም መቕርብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ሰስተር ሃይማኖት ኣርኣያ ምስ ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እኑፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ህድኣት ወልዳይ ወ/ሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዘበጽሕኩማና ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ላ/ሓጺና ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት ነ/ሃለቃ ኢያሱ ገ/ሩፋኤል (ቆንጾ)

ኣብ ከተማ ዓዲ ኳላ ምም/ከባቢ. ሰሞሞ ኣብ ፓርስል Q ዝርከብ ብPLD2332L0206 ብሽም ኣቦና ቀሺ. ግርማይ ኣባይ መርእድ ዝተመዝገበ ገዛ ብህያብ ስለዝተወሃበና፡ ናብ ሽምና ከምንሓልፈ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ክፍሊ. ቴክኪክ መንደፈራ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምኻንና ንሕብር።

ኣቶ ተወልደ ግርማይን ኣቶ ወረደ ግርማይን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ፍቕርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ኣበባ ተስፉሚካኤል ተኽሉ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛን ሆስፒታልን ብምምልላሱ ምስ ዓረፈት ድማ ኣብ ዓዲ መንካቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ካብ ውሽጥን ወጻእን ስልኪ ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና መቕርብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

ስድራቤት ነ/ሄር ተወልደ ዑቕቢት

ኣብ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 768-4 ቁ.ገዛ - ዝርከብ ኣብ ጋራጅ ትሪንጋሊ. ጁዘፔ እዞም ዝስዕቡ መካይን፦
1.ብሽም ነጋ ተወልደ ዝተመዝገበት ቁ.ሰሌዳኣ ER-1-87722 ኒሳን ፓትሮል ዝዓይነታ
2. ብሽም ተወልደ ዘርኣም ዝተመዝገበት ቁ.ሰሌዳኣ ER-1-11670 UICK ግራንት ዝዓይነታ
3. ብሽም በርሀት ጎይትኦም ዝተመዝገበት ቁ.ሰሌዳኣ ER-1-27474 ፍያት ፓንዳ ዝዓይነታ ዋናታተን ክጽገና ኢሎም ምስ ኣእተወወን ንነዊሕ ዓመታት ስለዝተቐመጣ ኣብ ስራሕና ኣብ ወጻኢታት ጸገም ስለዝፈጠራልና፡ ዋናታት ይኹን ይምልከተኒ እዩ ዝብል ሰብ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝቃላሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ መኪናኡ ክልዕል እናኣተሓሳሰብና፡ ድሕሪዚ መዓልቲ ንዝመጽእ ሳዕቤን ኮነ ሓላፍነት ከም ዘይንሕተት ነፍልጥ።

ትካል ጋራጅ ጆቫኒ ትሪንጋሊ. ጁዘፔ


# ሓደስቲ መጽሓፍቲ
# NEW BOOKS

## ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*







ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165



ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንዓበይትን ንንኣሽቱን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ጽፍሒ ይቕጽል ኣሎ። ንዓበይቲ ካብ ዕለት 6 ሚያዝያ ከምእውን ንነኣሽቱ ካብ ዕለት 11 ሚያዝያ ክጅምር ምኻኑ ከነበስር ንፈቱ። ምዝገባ ድሮ ተጀሚሩ እዩ።
ብደሓን ምጹ! ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270
ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።



# ዓቢ ብስራት ንተመሃሮ




ቀደም ሲሉ [illegible] መጽሓፍቲ ሓልዮት 1,2,3,4 [illegible]

**ትሕዝቶ መጽሓፍ ሓልዮት 5፥**

[illegible] cross word: word search [illegible]

ደራሲ [illegible] 07190414

[illegible] 07222010 [illegible]

# ማይን ኣገዳስነቱን

ዳህላክ ነጋሲ

ማይ፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ጠለባት ደቂ-ሰብ'ዩ። ብዘይ ማይ ዝኸውን ህይወታዊ ምናልባት ንሓጺር እዋን ክሰርር ይኽእል ይኸውን። ግን'ኳ ድሕሪ ወሰን መዓልታት ቀጻልነቱ ኩብቕዕ ግድን እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ውሕስነት ወይ ቀረብ ማይ ብዘይገድብ ብቐጻሊ ክረጋገጽ ዘለዎ። ኣብ ዓለምና ዘሎ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ምዕሩይ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ገለ ሃገራት ብሰላ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኤን ተሓጊዘን ማይ ብቐሊል ክረኽባ ክንዕዘብ እንኽለና፡ ብኣንጻሩ ካልኦት ብዙሓት ድማ ኣብ ኣጸምእን ምድረበዳን ስለ ዝርከባ፡ ከም ሳዕቤኑ ብቐጻሊ ብዋሕዲ ማይ ክሳቐያ ይረኣያ። የግዳስ፡ እተኑብረሉ ኣከባቢ ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ማዩ ምእኳት ይኹን ወሓዱ ብዘይዳገድስ፡ ምርግጋጽ ወሓለ ቀረብ ማይ ብኻልእ ኣማራጺ ዘይትካእ መሰረታዊ ጠለብ ደቂ-ሰብ እዩ።

ኣብ'ተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ሕጽረት ጥራይ ዘይኮነ ቀረብ ዝስተ ጽሩይ ማይ እውን ካብ ቀንዲ ብድሆታት እዩ። ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ፡ ንብዙሕ መዳይ'ዩ ብኣሉታ ዝጸሉ። ንኣብነት፡ ሳዕቤን ዘይወሓለ ቀረብ ማይ ፈለማ ንጥዕና ዚጋጥም'ዩ ዝሃሱ። ብኣውራሉ ድማ፡ ንቑልዑ የጥቅዑ። ብሰንኪ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ዝኸሰቱ ማይ-ወለድ ሕማማት ኣብ ጥዕና ቈልዑ ዘኸትልዎ ጉድኣት ብቐሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዘኸትሎ ጥዕናውን ማሕበራውን ጸገማት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

ኑቶም ቀረብ ማይ ብቐሊሉ ክረኽቡ ዘኽእሉ ወይ ምንጩ ማይ ኣብ ጥቓኦም ዝኾነ ሰባት፡ ምናልባት ምሕደራ ኩነ ኣገዳስነት ማይ ጎሊሑ ዘይክረኣዮም ይኽእል ይኸውን እዩ። እንተ ኑቶም ካብ ምንጩ ማይ ሓያሎ ኪሎ-ሜተራት ርሒቖም ዝነብሩ ዜጋታት ግን፡ እዚ ጉዳይ ናይ ሞትን ሕየትን ሕቶ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብሩ ተማሃሮ ምንጩ ማይ ካብ ዝነብሩሉ ከባቢ ምሕር ርሑቕ እንተ ኾይኑ፡ ማይ ንምጉራት ነዊሕ ሰዓታትን ሓያል ጉልበትን ስለ ዝሓትዎ፡ ብሰንኪ'ዚ ካብ ትምህርቲ ክበኵሩን ክደናጐዩን ይግደዱ። ከም ሳዕቤኑ፡ ተመሃሮ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ስለ ዝድኽሙ፡ መጻኢ ዕድሎም ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ግድን እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሕጽረት ቀረብ ማይ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈት ልዑል ጽልዋ ኣለዎ። ሕርሻን ማይን ዘይነጻጸሉ መዳያት ካብ ኩኑ፡ ኣብ ክረምቲ ዝጥብ ማይ ግድን ክዕቀብ ኣለዎ። እንተ ዘይኩይኑ፡ ዝፍብ ኣብ ክረምቲ ሓመድ ባሕጉግ ክዕዘር ኢደና ኣጣማሪና ርእናዮ ከይበቕዕ ኣብ ሓጋይ ብሰንኪ ሕጽረት ማይ እንምጎ ስእነ ክንበል ሃንታ እዩ። ኣብዚ ዓለም እንደልዮ ኩሉ ብጻዕርና ዝረጋገጽ ስለ ዝኾነ፡ ድሌት ጸግሕና ንምርካብ ሎሚ ኣብርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ንሕርሻዊ ንጥፈት ዘገልግል ማይ ረሳሕን ዝተበከለን ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ጥዕና ሰብ ዘውርዶ ጉድኣት ቀሊል ኣይኮነን። ምእንቲ'ዚ፡ ማይ ምስ ብዙሕ ጽላታት ሰንሰለታዊ ምትሕሓዝ ስለ ዘለዎ፡ ዝያዳ ኣተኲርና ተዋሂብዎ ድሒሩ ክስዕብ ንዘኽእል ብድሆታት ንምፍዋስ ብኣጋኡ ከለንተናኣዊ ጠመተ ክግበረሉ ይግባእ።

ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ብዙሕ መዳያት ዕብየትን ምዕባለን ይምዝገብ ኣሎ። ካብ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ መሰረት ደቂ-ሰብ ኣዝዩ ቀሊልን ምቹእን ኩይኑ ኣሎ ክበሃል ይኽእል። እንተ'ኾኑ፡ ብዙሕ ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ስለዝርከቡ፡ መሰረታውያን ጠለባት ንምርካብ ነዊሕ ጉዕዞ ከም ዝተርፎ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ዝምስክሮ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለም ኣገልግሎት ማይ ገና ኣብ ፈለማ ስጉምቲ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ብዙሓት ምስ ጥሪቶም ካብ ሓደ ምንጩ ማይ ከም ዝገልገሉ ይፍለጥ። ከም ሳዕቤኑ፡ ግዳይ ዝተፈላለየ ሕማማት ብምዃን መቕዘፍቲ የጋጥሞም። ስለዚ፡ ቀረባ ማይ ምስ ቀጻልነትን ውሕስነትን ህይወት ሰባት ዝተሓሓዘ ካብ ኩነ ብሰንኪ ሕጽረታቱ ንዝኸሰቱ ብድሆታት ንምግዳል፡ ዝምልከቶም ኣካላት ዋላ'ውን ብሕታውያን ትካላት ንኡሳን ፕሮጀክትታት ብምሕንጻጽ፡ ህዝቢ መስተርሆት ንኽረክብ ብቑዓምነት ክሰርሓሉ ይግባእ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኢቶም ቀረብ ማይ ብቐሊሉ ክረኽቡ ዘይጸገሙ ክፋል ሕብረተ-ሰብ ኣገዳስነት ማይ ብምዝኻእ ተረዲኦም ኣብ ምሕደርኡ ጥንቁቓት ክኾኑ፡ ኢቶም ብቐጻሊ ብሕጽረት ማይ ዝሳቐዩ ዜጋታት ድማ ነቢሪ ፍታሕ ንኽረኽቡ ምህር ኣካል ብፍልጠቱ ኮታስ ምሉእ ሕብረተ-ሰብ ዓቕሙ ብዘፍቅዶ እጃሙ ክበርክት ይግባእ። ኣብ ዝኾነ ንጥፈት፡ ዕውት ስራሕ ንኽፍጸም ግቡእ ምሕደራ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት እዩ። ውሕስነቱ ዝሓለወ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምውዳድ'ውን ብቑዓምነት ግቡእ ምሕደራ ክህሉ ይግባእ።

ንህዝቢ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ፡ ምውዳድ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። እቲ ምንታይ፡ ንበቐዓትን ጽሬትን ማይ ዝከታተል ኣካል እንተ ዘየሉ፡ ኣብ ጥዕናዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን መዳይ ዘኸትሎ ጎድንኣዊ ሳዕቤን ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብሰንኪ ዘይወሓለ ኣጠቓቕማ ማይ፡ ዝስዕብ ጉድኣት ንምውጋድ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ኣብ ቅንያት ምዝዛም ወርሒ መጋቢት ዓመት መጸ ይኽበር። ብቐንዱ፡ ኣብ 22 መጋቢት ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ካብ ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ቀላሒታ ንኽረክብ ይበዋል።

ሓደ ሰብ ኣብ ወሽጢ ሓደ መዓልቲ ብውሕድ ዓቐኑ ካብ 20-50 ሊትሮ ማይ ንእተፈላለየ መዓላ ከህልኾ ከም ዝኽእል መጸናዕትታት የረድኡ። እዚ ዝተጠቕሰ ዓቐን ማይ ንእተፈላለየ መዓላ ማለት - ጽምኢ ንምርዋይ፡ መግቢ ንምስራሕ፡ ጽሬት ኣካላት ኩነ ካልእ ንጥፈታት ንምኽያድ ከህልኾ ከም ዝኽእል ይገልጽ። ስለዚ፡ ምስ'ዚ ብቐጻሊ ዝዓቢ ዘሎ ቀጽሪ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ከም'ኡ ድማ፡ ምስፍሕፋሕ ዓቢይትን ንኣሽቱን ፋብሪካታት፡ ጠለብ ብዝበዝሐ ዝሃልኽ ዓቐን ማይ ብቐጻሊ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። ዋላ'ኳ መጠን ዝጥሉብ ዘሎ ዓቐን ማይ እንተ ዓበየ ብመንጽሩ፡ ኣብ ምሕደራኡ ግና ቀጻበታዊ ዝኾነ ዕብየትን ለውጥን ኣይተመዝገበን ዘሎ።

በዚ'ዩ እምበኣር ሕጽረት ቀረብ ማይ፡ ክንዮ ከባቢያውን ሃገራውን ብድሆ ዓለምለኻዊ ስግኣት እናኾነ ካብ ዝመጽእ ሓጺር እዋን ዘየቕጸረ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ብሰንኪ ምንቅልቓል ትሕዝቶ ጽሩይ ማይን ዘይውሕሱ ኣጠቓቕማ ሰባትን፡ ዘጋጥም ዘሎ ብድሆታት ብቐሊሉ መፍትሒ ኣይተረኽበን ዘሎ።







# ንጥዕና ዝሓሹ ዶ ውዑይ ማይ እዩ ተመራጺ ...

ማይ ካብ መሰረታውያን ጠለባት ደቂ-ሰብ እዩ። ምናልባት፡ ጽምኢ ማይ ንውሱን እዋናት ክጸውር ይከኣል ይኸውን። እንተ'ኾኑ፡ ንውሓት ግዜ እናተማጠጠ ክኸይድ እንከሎ፡ ብህይወት ናይ ምቕጻል ዕድልና እናጸበበ ይመጽእ። ስለዚ፡ ዕምሪ ህይወትና ብዘይ ማይ ሓጺር ስለዝኾነ፡ ገደብ ግዜ ይፈላለ ደኣ'ምበር ማይ ንኹሉም ፍጡራት ናይዛ ፕላኔት ኣገዳስነቱ ብምዕራዩ ዝረኣ።

ከም ዝፍለጥ፡ ጥዑይን ድልዱልን ኣካላዊ ብቕዓት ንኽህልወና ማይ ልዑል ተራ ኣለዎ። ገለ ካብ'ቲ ዘለዎ ብዙሕ ጥቕምታት ብኸፊሉ ምስ እንጠቅስ– ማይ ዝተመገብናዮ መግቢ ብቐሊሉ ንኽሓቅቕ ይሕግዝ ከም'ኡ'ውን ነቲ ዝሓቐቐ መግቢ ናብ መላእ ኣካላትና የጕዕዞ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ትሕዝቶ ደም የቐውምን ካልእ ብዙሕ ረብሓታት ዝሓቘፈ'ዩ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ካብ 6-8 ብኬሪ ማይ ክሰቲ ከም ዘለዎ ብቐጻሊ ብሰብ ሞያ ጥዕና ይሕበር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብ ዝሑል ማይ ብዝያዳ ወዑይ ማይ ምስታይ ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓታት ከም ዘለዎ'ውን ብተደጋጋሚ ይግለጽ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ወዑይ ማይ ምስታይ ከም ሕክምናዊ ፍወሳ ኩይኑ የገልግል ኣሎ። እቲ ኣገባብ ፍወሳ፡ ንግሆ ቅድሚ መግቢ ምብላዕና ክሳብ 4 ብኬሪ ወዑይ ማይ ብምስታይ ይፍለም። ብድሕሪ'ዚ፡ ንኣስታት 45 ደቒቕ ዝኸውን ምብላዕ ወይ ምስታይ ኣይፍቀድን። እዚ ልምዲ ኣብ ፈለማ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ፡ ድሕሪ ሓጺር እዋን ግን ንቡር እናኾነ ይመጽእ። ስለዚ፡ ምሉእ ጥዕና ክህልወና ብቐጻሊ ከይሰለኸና ክንጀምሮን ክንዘውትሮን ክኢላታት ይሕብሩ።

እቲ ኣገባብ ፍወሳ ብምዝውታርና ዝርከብ ጥዕናዊ ጥቕምታት ምስ እንምልከት፡ ንሕማም ትሑትን ልዑልን ጸቕጢ ደም፡ ምዕጻው ሸውሃት፡ ሕማም ሽኮር፡ እተፈላለየ ዓይነት ሕማም መሽኖ፡ ምዕጻው ሻምብቆታት ደም፡ ሕማም ርእሲን መርዘንን፡ ቃንዛ መሊጋጊ፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ምዕጻው መትንታት ደም፡ ኮለስትሮል፡ ሕማም ጎረሮ፡ እዝንን ኣፍንጫን ካልእ ብዙሕ ዓይነት ሕማማትን ኣብ ምፍዋስ ልዑል ተራ ኣለዎ። እወታዊ ወጽኢት ወይ ምላሽ ናይቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ኣብ ሓደ እዋን ዝግለጽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ በቲ ዝጅመር ፍወሳ ገለ ሕማማት ኣብ ወሱን እዋን ማለት ኣብ ሓጺር ግዜ እወታዊ ግብረ-መልሲ ክርከብም እንከሎ፡ ኣብ ካልኦት ድማ ድሕሪ ሓያሎ ኣዋርሕ ጥዕናዊ ለውጢ ይርከብ። ክንዲ ዝኾነ ኣብ ወሱን መዓልታት ወጽኢት እንተዘይሂብና ከይቋረጸ ዘይኮነ ብዝያዳ ከዘውትሮ ይግባእ።

ብመንጽሩ፡ ብቐጻሊ ዝሑል ማይ ጥራይ ምስታይ እተፈላለየ ጥዕናዊ ጉድኣት ከም ዘስዕብ ይሕበር። ንኣብነት፡ ዝሑል ማይ ምስታይ ጠንቂ ሕማም ኩብድን ገፊሕ መዓንጣን ስለዝኾነ፡ ሕማም መሸሮ ክኸትል ከም ዝኽእል ይግለጽ። ካልእ፡ ሻምብቆታት ልቢ ይዕጹ፡ ወቕዒ ልቢ፡ ጸላም ኩብድን ካልእ ሕማምን ከስዕብ ከም ዝኽእል ይፍለጥ። ምእንቲ'ዚ፡ ነቲ ምሕር ዝሑል ብወዑይ ማይ ብምትካእ፡ ምሉእ ኣካላዊ ጥዕና ንኽህልወና እዚ ልምዲ ከዘውትሮ ይግባእ።

ማይ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዓይነታት መኣዝዊ መግቢ እዩ፡ ደቂ-ሰብ ንውሑድ መዓልታት ብዘይ ማይ ክጸንሕ ንኽእል እኳ እንተ'ኾንና፡ ድሕሪ ወሰን እዋን ግን ተጻዋርነትና ክስደል ግድን'ዩ። እቲ ምንታይ ዝበዝሐ ክፍሊ ኣካላት ብማይ ስለዝቘመ ከም'ኡ'ውን ኩሎም ዋህዮታት ግቡእ ንጥፈታቶም ንኽፍጽሙ ማይ ብቑዓምነት ስለ ዝሰርሑ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ማይ ንብዙሕ ዓይነት ሕማም ስለ ዝከላኸል፡ ብዘይዝኸውን ቅድመኣተኹት ብቐጻሊ ኣካላትና ክምዐ ወይ ክረኽቦ ከም ዝምዕዱ ሰብ ሞያ ጥዕና ወትሩ ይመኽሩ።



